# *ዝወዓለ ይንገርካ*
# *ቀጻሊ ርእይቶ*

*ብወዳባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)*
*ሚላኖ ኢጣልያ*

## *እቲ ኣኼባ ዋዕላ ከመይ ነይሩ?*

*ቅድሚ ኣብ ኣርእስቲ እዛ ዓንቀጸይ ምእታው ኣብ ዝሓለፈት ትሕዝቶ ጽሕፍተይ ንክቡራን ውድብ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ከምኡ እውን ንስርዓት ኢትዮጵያ ደምበ ተቓውሞና ጸኒዑ ሸቶ ዕላማኡ ንእኩባን ሓሳዳት ሸፋቱ ህግደፍ ክሕግሕግን ነባሪ ቅሳነት ኣብ ኤርትራ ክስረትን ብዝገብሩልና ዘለው ቅኑዕ ሓገዛት ከመስግን እንከሎኹ ንትካል ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተሓባበሩ ሰንዓ ፎረም ኣብቲ ታሪኻዊ ክሰፍር ዘለዎ ምስጋና ከይጠቐስኩዎም ምዝንግዔይ በዛ ኣጋጣሚት ይቕሬታ ብምሕታተይ እቲ ግቡእን ሓቂኣውን ምስጋናይ ብስመይ ይኹን ብስም እቲ ኣብ ዓዘቕቲ ምረትን እህህታን ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክቡርን ልዑልን ምስጋና ከቕርብ ከረጋግጽ ጽቡቕ ፍቓድ እሓትት።*

### *እዚ ታሪኻዊ ዋዕላ እዚ፡*

*ነቲ ብርእይቶይ ይኹን ርእይቶ ነባሪ ሰላምን ቅሳነትን ኣድማዒ እዩ ኣቢሉ ዕሙር ተስፋ ዘረጋገጸልና ብተባህለ ይኹን ብተገብረ ወረታት ዘይኮነ ብኣካል ውዒልና ካብ ዝተገንዘብናዮን ዘረጋገጽናዮን ንውጹዕ ተጠሊሙ ዘሎ ህዝብና ይኹን ንዓና በቲ ጥልመት ኣማሪርና እህህታ ኣሕታ እንቕለብ ዘሎና ኣንታ ድሕርከ ከመይ ኮን ክኸውን እዩ እንታይ ክህልው እዩ ኢልና ንመሰረታዊ ፍትሓዊ ቅሳነታዊ ዊንታናን ምንዮት ከነውርሶ ንመጻኢ ወለዶናን ቀጻሊ ኣብ ኣእምሮና ጠሊቑ ዘሕሰበና ዝነበረ መፍትሒኡ ነቲ ዝነበረ ሕማማት ንምፍዋስ መድሃኒት ኣብ ምድላይ ዝጸናሕና ኣብዚ ታሪኻዊ ዋዕላ ብቓልዕ መልሲ ክንረኽሉ ነቲ ሕማማት ተመሊሱ ከምዘይቕልቀል እንፍውሰሉ ፈውሱ ንምርካብ ዘብጽሕን ዝመርሕን ብሩህ ተርእዮ ከሲብና ኢና።*

### *ደምበ ተቓውሞና፡*

*ኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ጥልመትን ሽፍትነት ክገጥሞ ክምክቶ ካብ ዝብገስ ነዊሕ ዓመታት እዩ። እቲ ግጥምነ መኸተን ግን ከይሓነኽና ከይነሓፍና ክንኣምኖ ዘሎና እቲ ስም ተቓውሞ ድኣ እምበር ተቓውሞና ብዘይ ወዓል ሕደር ሸቶኡ ክወቅዕ ኣየብቃዕናዮን ኣብ ክንዲ ዕማም ተበግሶና ዕማም ህላዌ እኩባን ሸፋቱ ህግደፍ መኸሰብ ዝኾነሉ ባይታታት ጥራሕ እዩ ክጠቅም ጸኒሑ።*

### *ብኸመይ ምስ ዝበሃል!*

*እቲ ዝውጻዕ ዝጽፋዕ ዘሎ ስድራቤታት ኤርትራ እናኾነ እናተኣምነ ኣብ ክንዲ ንእንኮ ጻላእ ህዝብን ኤርትራዊ መንነትን ብሓደ ብዘይቅድመ ኩነት ገጢምና ፍትሕን ቅሳነትን ዝሰፍናሉ ነቓድም ብስም ህዝቢ እናተፈላሰፍና ንሓንቲ ሸቶ ብብዝሔ ውደባ ፖለቲካ ኣነ እባ ንሕና እባ እናተመጣጠጠ ከይሓልፈኒ ከይቅድመኒ ጠመተታት እናተመጣጠጠ ምጽንሑ ከም ሓለይቲ ህዝቢ ንልፍልፍ ንዓመጽ ዘጥፍእ ሓድነታዊ ጉዕዞ ክንዕንቅፍ ጸኒሕና።*

### *ሓሳዳት ጠላማት ህግደፍ*

*ከም ነቕጺ ዝደከታኦም ባዕሉ ይረግፍ ከም ሃፍ ይሃፍፍ ኣሎ እዚ ኸኣ ንሕና ተቓወምቲ ኢና እንብል ኣብ ዘዘሎናዮ ኬንና እንግዕር ኣይኮንናን። ኣብዚ ርግፈት ኣብጺሕናዮ ባዕሉ ብኣብ ነንሕድሕዱ ምብላዕ ምጽፋዕን ዘምጽኦ እዩ። እኳ ድኣ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣሎና ዝብሉ ቅድሚ ድሕነት ውጹዕ ህዝቢ መጻኢ መናባብርኦም ሕልሞም ዘሰላስሉ እቲ ሓሳኸኦም እኩባን ሸፋቱ ህግደፍ ባዕሉ ረጊፉ ዝመስሉ እዋን ክኣክል እሞ ኣብ ኮረሻ መሪሕነት ውድባይ ዑቁባይ ጸኒሖም ክትክኡ ኣብቲ ኮረሻ ተወጢሖም ከኣ ከቕስኑ ዘይኮነ መቐጸልታ ሽፍትነት ህግደፍ ክኾኑ ትምኒታት ሕልምታት ስለ ዘለዎም እዮም እምበር ነቲ ዊንታን ትምኒትን ህዝቢ ይኹን ነቲ ሕድሪ ክቡራን ዘልዓለም ዝኩራት ስውኣት ጀጋኑ ሃገር ከተግብርዎ ከረጋግጽዎ ዕላማ ዘለዎም ኣይመስሉን።*

***"ኣብዚ ታሪኻዊ ሃገራዊ ዋዕላ በሪሁ ዝተራእየ እንተኣሎ፡ እቲ ንዓመታት እንታይ ኮይኑ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ሓደ መስርዕ ብሓደ መልክዕ ኣብ ክንዲ ዝዓዓዝ ውድባይ ዑቁባይ እናተባህለ ሾንኮለል ዝብል፡ ሰኣን ምሕሳብ***

ሰኣን ምስትብሃል ንዘሎ ኩነታት ሰኣን ምምርማር ድዩ? ዝብል እንታይ ኮይኑ ኣእምሮታት ዘይበራበር ክንብል እውን ጸሓይ በሪቑ ዓሪቡና እዩ። ካብዚ ተበጊስና ኸኣ እዛ ኣእምሮ ሒዛ ዘይትሓስብ ዘላ ርእሲ መድሃኒት ክንረኽላ ሃሰውን ንምባል ዘይበልናዮን ዘይጸሓፍናዮ ዘይቓዮቕናዮ የብልናን። ኮይኑ ግን እቲ ሕማም ሳላ እዚ ታሪኻዊ ዋዕላ እዚ ኣበይ ከም ዝኾነ እንታይ ከም ዝኾነ ብቓልዕ ርኢናዮ ፈሊጥናዮ ኸኣ።"

እታ ሕማም
ኣብ ርእሲ ዘይኮነት
ኣብ ከብዲ ከም ዘላ ኣረጋጊጽና ፈሊጥናያ።

እዚ ማለተይ እንታይ ከም ዝኾነ ክቡራን ኣንበብተይ ተረዲኡኩም ክኸውን ተስፋ እገብር ዘይተድኦ እንተኣሎ ኸኣ ብዘይንሕፈት ክነግሮ ክሕብሮ ሕድሪ ሰውኣት ስለ ዝግድደኒ። እዞም ዕለታዊ ውድብ ዑቁብ መሰሪትና እናበሉ ከም ጫጫሒት እንቃቕሖ ደርሆ ዝጭጭሑ ዘለው ነታ ሓድነት ስምረት ሓደ ኼንካ ክተት እትብል ድፍኢት መኸተ ዘይቅበልዋ እቲ ዋንነት ሃገር ከም ግቡኡ ናይ ስድራቤታት ኸይከውን ገገዛኹም ኪዱ በብረሃጽኩም ምንባር ልመዱ እትብል ጻዋዒት ከይተርክቦም እቲ ብስም ወጽዓ ህዝቢ ቀለብን ማእቶት ዝወሃቦም ሓገዛት ከይንፈጎም ዝፈርሁን እተሰከፉን እታ እዞም ሓሳዳት ሸፋቱ ህግደፍ ቀደም ብስም ህዝቢ "ካብ ህዝቢ- ብህዝቢ- ንህዝቢ" እናበሉ እናጨርሑ ስድራቤታት ኤርትራ መስዋእትነት ስንክልና ክርተታ ከፊሉ ዘብረቓ ጸሓይ መንዚዮም ነታ ጭርሖ ካብ ህዝቢ - ብህዝቢ ንዓና ኢሎም ቁማር ዝበሉዋ እዞም ሕጂ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣሎና ዝብሉ ዘለው ኣዝጊቦም ብስም ህዝቢ ከብዶም ኣጽጊቦም ጸኒሖም ከዳግሙዋ ምንዮት ሕልሚ ከም ዘለዎም እዚ ታሪኽ ዋዕላ እዚ ኣብሪሁ ኣድሚቑ ኣርእዩና እዩ።

ክሳዕ ሕጂ!

ደምበ ተቓውሞና ሸቶኡ ዘውቅዕ ባይታ ከም ዘይነበሮ፣ እቲ ስውር ዝነበረ ሕማሙ ዘቃለዔ እዚ ታሪኻዊ ሃገራዊ ዋዕላ ኾይኑ እቲ ሕማም ተረኺቡ ፈውሱ ንምርካብ ቀሊል ገይርዎ ዘሎ ህዝባዊ መኸሰብ ዓቢይ ዓወት ከም ዝኾነ ኣብ ወርቃዊ መዝገብ ታሪኽ ኤርትራ ከምዝገብ ይግባእ።

ለባማት ከዕልሉ

ንከምዚ ኩነታትና ቋንቋኛ (ሽምጠጣ) ኣውጺኦም ክስሕቁሉ ክመኽሩሉ እንከለው እንታይ ይብሉ?

"ሓደ መሓውር (እግሪ) ስንኩል ንሓደ ዓይነ ስውር መንገዲ እናመርሖ ክኸይድ እንከሎ ሓደ ትምክሕተኛ ከም ሓሳዳት ህግደፍ በዓል መኪና ነዞም ስንኩላን ከሰናብድ ንሂሩ ብጥቓኦም ምስ ሓለፈ እቲ ስንኩል መሓውር (እግሪ) ነቲ ዓይነ ስውር ኣብዚ ጽንሓኒ እሞ ነዚ ትምክሕተኛ ብዓል መኪና ኣርኪበ ክሕዞ እየ በሎ፣ ወዮ ዓይነ ስውር ከኣ ድሓን ግደፎ ኣበይ ከይሃድም ስሌዳ (ታርጋ) ቁጽሪ መኪናኡ ጽሒፈያ ኣሎኹ በሎ።"

እዝስ ክኸውን ይኽእል?

መልሲ ካባኹም

ኩነታትና ምስ እዚ ኣበሃህላ እዚ ክንመዝኖን ክነወጣጥኖን እንከሎና እዚ ኹሉ ዓመታት ሾንኮለል ከብለና ዝጸንሔን ንሓደ መኸተ ኣብ ዓሰርተታት ውደባ ሰልፊ ምጭጫሕ ብመን በዓል መን እንተንዝክሮ እቲ ዝጠለመ ኣብ ውሽጢ ሃገር ህዝብን ሃገርን እናኣጸለመ እናኣጽነተ ምስኡ ማዕሬኡ እንከለው ዘጋበልዎ ንጽንተትናን ጥልመትናን ዘተኻናጸጽዎ እንተ ብፍርሂ እንተ ብተልእኾ ካብ ውሽጣኡ ወጺኦም ደምበ ተቓውሞ ክመርሑ ብስም ህዝቢ ክነብሑ ዕድል ሂብና።

ክንሰምዮም ከም ዝተገማምዕዎ ከነገማምዮም ባዕልና ብመሓውርና (ብእግርና) ክንስጉም ብዓዲንትና ክንርኢ ዘይምፍቃድና ወይ ዘይምኽኣልና ካብታ ልዕል ኢለ ዝገለጽኩዋ ዕላል እንታይ ይፈልየና?

ዑውት ሃገራዊ ዋዕላ!

እዚ ገ እናበሉኻ ኣይትጋገ፣ ዘስምዕ ዋዕላ እዚ ብዙሓት ተበለጽቲ ከከም ቃሕታኦም ንዕላማኦም ዕላማ ዱቕስናና (ምርጋጽና) ዘጣጥሕ ትርጉማት ክህቡ ከም ዝዋፈሩ ዘዋፈሩ ጥርጥር የብለይን። ስለ ዘይጠራጠር ከኣ እቲ ሓቂ ሌባ ምስ ቁጥሚ ሓደ ግጥሚ ከም ዝበሃል፣ ኣብዚ ታሪኻዊ ሃገራዊ ዋዕላ ዝተኻፈሉ (ወጠጦታቶም) ይኹኑ ዘይተኻፈሉ ወዮ መደብ ዕላማኦም ከም እተኸሸሐ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሽፍትነት

ቦርቂቕና ከም እንምሕዎ እታ ጨሪሳ እተጥፍአ መድሃኒት ዝረኸብናላ ዋዕላ ምኻና ገሊጻ ኣረጋጊጻ ክሕብሮም ከረጋግጸሎም ንንቅሳነት ሃንቀው ኢሉ ዝጸበ ዘሎ ስድራቤታት ኤርትራ ኸኣ ወያ ሕማም ተረኺባ መድሃኒታ እታ ተጥፍኣ ተዕርባ ተረኺባ ኢለ ከበስር ዝስመዓኒ ባህታ ሓጎስ መዘና የብሉን።

እቲ ሓቂ እዚ ኾይኑ፣

ናብዚ ዓወታት እዚ ከነመዝግብ ዘብቅዓና ታሪኻዊ ሃገራዊ ዋዕላ ዮሃና እናበልኩ፣ ናብዚ ንምብጻሕ ዝደፋፍኡ ዘተባብዑ ውድብ ፖለቲካ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ትካል ስንዓ ፎርም፣ ሳለም ተመናያይ ስርዓት ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያን ኣመስጊነ ከውድኦ ዘይክእል እኳ እንተኾንኩ ክብረት ይሃብኩም፣ ንመጋድልትኹም መሳውእትኹም ዝነበሩ ጀጋኑ ሰውኣት ኤርትራ ሕድሪ ምኽባርኩም ቃላት ስለ ዘይረኸብሉ ከመስግነኩም ኢለ። እዚ ማዕሬና ልዕሌና እውን እንተበልናዮ ዘየሕንኽ ተወፋይነትኩም ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ነባሪ ኾይኑ ከም ዝነበራ ጥርጥር የልቦን።

ኣብዚ እዋን እዚ!

ብብዙሓት ሓሻሉኽ ከም ዝዋፈር ብሽሙም (ሕቡእ) መጻዋዕታ ወያኔ፣ በየነ ልዑላውነትና ክግህሱ ደልዮም ዝብል እዩ። እቲ ሓቂ ኣረጋጊጽና ከም ዘረጋገጽናዮ ግን እዞም ክቡራን ጎረቤት ኣሕዋት ህዝቢ ኤርትራ እንተዘይቀሲኑ ጥዑም ድቃስ ኣይንድቅስን ሕልናና እውን ነይቐስን ዘትከለ ኾይኑ ስድራቤታት ኤርትራ እፎይ ኢሉ ማዕቢሉ ዝነብረሉ ህይወት ንኽህልው ብኹሉ ዓቕምታቶም ይጽዕሩ ኣለው። እቶም ንልዑላውነት ኤርትራ ዘይኣምኑ ብምንም ተኣምር ዘይቅበሉ ኸኣ ኣብ ሕቕፎ እኩባን ሸፋቱ ህግደፍ ከምዘለው ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ነዚ ሓዚ እዚ ኣሉ ዝብሎ እንተኣሎ ኾይኑ እቲ ንልዑላውነት ዝተኸፍለ መስዋእትነት ዘይኣምን ብኹሉ ዓቕምታቱ ማህጸናት ኤርትራ ኽመክን ዝምነ ምኻኑ ካብ ሕጂ ጀሚርና ኣለሊና ዘረጋገጽናዮ ብሩህ ሓቂ እዩ።

ንኹሉ ግን ገደብ ኣለዎ፣

"ኣብዚ እዋን እዚ ንጥፋእዶ ንኽይንጠፍእ ነጥፍእ ግዜ ተበጺሑ ስለ ዘሎ፣ እቲ ብብዙሓት ስሱዓት ኣብ ደብተር መረስዕ ተለኪቱ ንውልቀ ረብሓኦም ተሸጎሮም ዝጥምቱ ሸለልታና ደው ኣቢልና ድልዱል መሰረት ቅሳነት ከነቐድም ናይ ግድን እዩ። ግዜ እናሃለወካ እናጠለበካ ግዜ ኣይትጸበ ዝብል ብሩኽ ብሂል ኣቦታትና ክምህረና ዘለዎ፣ እዞም ሕጂ ኣብ ጎድንና ክሳዕ ልዕሌና እውን ንምረትና መሪሩዎም ቃንዛና ኣቐንዚውዎም ዘሎ ክቡራን ደገፍትና ሓገዛቶም ድጋፎም ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ብግብሪ ከነርእዮም ክንበቅዕ ኣሎና ከም ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ሸንኮለልነት እንተድኣ ግዜ ምብኻን ተወጢሕና ግን ንድጋፍና ይኣክል ስድራቤት ይመክር ሓዳር ክትገብር ክትከብር ይጽዕር ተስፋ እንተኻሊእካዮ ግዜኡ ሓልዩታቱ እንተኣዳኺምካዮ ማዕጸኡ ይዓጽወልካ መሲዩካ ኸኣ ዝብኢ ይበልዓካ ከም ዝበሃል ድሕነትና፣ ድሕነት ስድራቤታትና ንቅሳነትና ብጥንቃቐ እንተዘይተኸቲልናዮ ንሕናስ እቲ ስደት ለሚድናዮ ንኣእምሮና ብኡኡ ኣተዓሻሺውናዮ ወይ ህላዌ ስድራቤታትና ንክቕህም ከኣ መሪቕናዮ ክኸውን ስለ ዝኽእል ሃየ-ሃየ-ሃየ መድሃኒታትና ነበርክት ወዮ ሕምም ከብዲ እንተሓወየ። ድሓር ከይንብል ወየ ወዮ።

እምበኣር!

እቲ ኣኼባ ዋዕላ ብምኽሪ ወይ ጻዋዒት እቶም ኣሰናደውቲ ዘይኮነ፣ እቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኸበ ህዝቢ ጌና እቲ ኣኼባ ከይበጽሖ እቲ ንግዕዞና ኣድላያይ እዩ ክንላዘበሉ ኣሎና ተባሂሉ ዝተነቕለ ኣብ ምትእኽኻብ ዕዱማት ባዕሉ እቲ ህዝቢ ሓድነታዊ ዊንታኡ ኣረጋጊጹ ወዮ ከምተኣፋፊ ኣስካፊ ኾይከውን ዘጠራጥር ዝነበረ ምእመናዊ (ሃይማኖታዊ) ቅልውላው ኣብ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ባይታ ከምዘይብሉ ሕማም ከብዲ ዘለዎም ጥራሕ ከም ኣሰካፊ ኩነት ገይሮም ክጣልዕሉ ምውድኻዳኾም ኣማን ብኣማን ኣረጋጊጹልና ኣስላምና ክርስትያንና ብሓደ ኣብ ሓደ መኣዲ ተቐሪብና ተቐሊብና ክንቅለብ ቀኒና።

እቲ ብሸነኽ ሓሳዳት ህግደፍ ልዑላውነትና ከይገሃስ ዱብና ከይጠሓስ ክወሓስ እናበሉ ዝቕሽሹሉ ምስ ክፉልን ንጹላት ኢትዮጵያውያ ጸረ ልዑላውነት ኤርትራ ዝኾኑ ቅንጅት ፍር.... ት ዝበሃሉ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኾይኖም ዝቀላለጹሉ ሸፈነ ብጋህዲ ተገሊጹ ተረጋጊጹን ንልዑላውነትና ገሃስቲ ህግደፍ ምስ ዝሓከሉ ኢትዮጵያውያን ምኻኖም ተረጋጊጹ። እቶም ሕልመ ኮረሻ ኣጥላዕሊዑዎም ሸንኮለል ዘበሉና ጌና እውን ከብሉና ዝፈላሰፉ ዘለው መን በዓል መን ብኸመይ ብግልጺ ርኢናዮምን ፈሊጥናዮምን እሞ ዋንነትና

*ቅሳነትና ረብሓ ስድራቤታትና ብባእልና ብመኽተና ከይነሓፍና እንዕወተሉ ባይታ መሰረት ጌርና ስለ ዘሎና፣ ካብ ሕጂ ንንየው ህዝቢ እምበር በዓል ጥምቢ (ውድብ- ዕቁብ) ብቅድሚት ንቅድሚት ዘይንሰርዓሉ እፎይታና እነረጋግጸሉ ሰዓት ኣኺሉ እዩ።*

*ኣብ እትቕጽል ምንዮትናን ምንዮት ህዝብናን*
*እንታይ እዩ እትብል ኣርእስተይ የራኽበና፣*
*ሰናይ ቅነ*

*ብወደባት ግርማይ ኪዳን (ወዲ ፈሊፖ)*
*ሚላኖ- ኢጣልያ*